

# ሓጺር ታሪኽ ሂይወት ናይ ክቡር ግራ.ዮሃንስ ኪዳነማርያም

ክቡር ግራ.ዮሃነስ እንካብ ኣቦኦም ክቡር ራእሲ ኪዳነማርያም ገብረመስቀልን እንካብ ኣዲኦም ክብርቲ ወ/ሮ ኢለን ራእሲ ሃይለመለኮትን ብ1930 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ዓረዛ ተወልዱ።
ዕድሚኦም ንትምህርቲ ምስ በቕዑ፣መጀመርያ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣብ ደብረ ድማህ ገዳም ኣቡነ መንቀርዮስ እናተማህሩ ዓበዩ።ካብዚ ብምቕጻል ዘመናዊ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዳግማዊ ምነሊክ ኣዲስ ኣኣበባ ብናይ ሽዑ ዝነበረ ደረጃ ትምህርቲ ክሳብ ሻሙናይ ክፍሊ ፈጸሙ።ብድሕሪኡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ቤት ጽሕፈት ባቡር ምድሪ ከም ጸሓፊ ኮይኖም ክሰርሑ ድሕሪ ምጽናሕ፣ብ1956 ኣብ ፓርላማ ብውድድር ብህዝቦም ተመሪጾም ንክልተ ግዜ ነናይ ኣርባዕተ ዓመት ንሃገሮም ወኪሎም ኣገልጊሎም።ኣብ ፓርላማ ኣብ ዝነበርሉ ግዜ ሓደ ካብቲ ዘይርሳዕ ታሪኾም ንምጥቃስ፣ብ1962 ፌደረሽዮን ፈሪሱ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትሓብር ብባይቶ ኤርትራ ምስ ተወሰነ ፣ሽዑ መዓልቲ ንይምሰለ እቲ ውሳኔ ብፓርላሜንት ንኽጸድቕ ምስ ቀረበ፣ግራ.ዮሃነስን ካልኦት ብጾቶምን ኮይኖም ኣብቲ ፓርላማ ተንሲኦም ናይ ኤርትራ ባይቶ ኣብቲ ናይ ፌደረሽዮን ቀዋሚ መትከላትተመርኾሱ ሕግታት ከውጽእን ከመሓይሽን ደኣ'ምበር ነቲ መትከል ክፍሕቕቆ ስልጣን የብሉን።እዚ ዝተገብረ ግህሰት ተነጺጉ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ብሪፈረንዱም ተሓቲቱ ድልየቱ ክገልጽ ኣለዎ ኢሎም ምስ መከቱ፣ኣቲ ኣቦ መንበር ነዚ ተቓውሞ ከይዝረበሉ ዓጸም'ሞ ግራ. ዮሃንስን ሰዓብቶምን መታን ንስምዕታ ክኸውን ነቲ ፓርላሜንት ረጊጾም (boy-cott) ወጽኡ።ብስንኪ'ዚ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ብዙሕ ሽግር ኣሕለፉ።ብድሕሪኡ ብደረጃ ምስሌንነት ናይ ምሉእ ደቂ-ተስፋ ኣመሓዳሪ ኮይኖም ኣገልጊሎም።ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ርክብ ስለ ዝነበሮምን ብመንግስቲ ስለ ዝተጠርጠሩን ናብ ጊንዳዕ ተቐየሩ።ኣብኡ ምስቲ ናይቲ ከበቢ ህዝቢ ጽቡቕ ዝምድናን ምስጋናን ኣትሪፎም፣ካብኡ ናይ ከተማ ባጽዕ ኣማሓዳሪ ኮኑ።ቀጺሎም'ውን ናብ ተሰነይ ተቐይሮም እናሰርሑ፣ኣብ መጀመርያ ምሕርራር ከተማ ተሰነይ ምስ ተ.ሓ.ኤ ብምትሕብባር ዓቢ ግደ ተጻዊቶም፣ብድሕሪኡ ንስደት ብምምራሕ ኣብ ሃገር ሽወደን ክሳብ ሎሚ ክነብሩ ጸኒሖም።ክቡር ግራ.ዮሃንስ ኣቦ ክልተ ኣወዳትን ሓሙሽተ ኣዋልድን እዮም።

*ክቡር ግራ.ዮሃንስ ብግዚያዊ ኩነታት ዘይጭነቑን ለውጢ ዝኣምኑን ዝቕበሉን ፈታዊ ህዝቦምን ኣሕዋቶምን ለጋስ ኣቦ ድኻን ኢዮም ነይሮም።ድሕሪ ነጻነት ሃገር በብግዚኡ ናብ ሃገሮም እናተመላለሱ ንዝዓነወ ናይ ኣቦታቶም ኣዳራሻትን ቅርስን ክጽግኑ ጸኒሖም።ብዕለት 07-09-2005 ብሃንደበታዊ ሕማም ልክዕ ሰዓት 10፣30 ኣብ ሆስፒታል ሰምበል ዓሪፎም።ሎሚ ዕለት 12-09-2005 ኣብ ዓዶም ዓረዛ መካነ መቓብር ስድራቤቶም ተቐቢሮም።*

## <u>*ምስጋና*</u>

*ኩልኹም ፈተውትን ኣዝማድን ካብ ቀረባን ርሑቕን መጺእኩምብእግርን ብመካይንን ክሳብ ዓረዛ ወሪድኩም ዘቃበርኩማን፣ኣብ ቤት መጺእኩምኮነ ብስልክን ብደብዳቤታትን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልዑል ምስጋናና ነቕርበልኩም።*

*ምሉኣት ስድራ-ቤት*
*ነፍሰ-ሄር ግራ.ዮሃንስ ኪዳነማርያም*